# ኣስተውዕል ህዝቢ ኤርትራ

ኣስተውዕል ህዝቢ ኤርትራ

ሕሱም መግዛእቲ ኣሕሊፍካ በብተራ

በቱርኪ ብጥልያን ብእንግሊዝ በምሓራ

ዓመታት ተሳቒኻ ክትሰቅል ነዛ ባንዴራ

ባንዴራ ስለ ዝኾነት መንነት ኤርትራ

ሕጂ ግን እናሃለ ምስ ዓለማ ተንበልብል ውቅያኖስ ሰጊራ

ደጊም ነቕናቒ የብላን ጸላእትና ዝገበራ ይግበራ

ግን ኣታ ህዝቢ ናትካ ስለ ዝኾነት ብግቡእ ኣኽብራ

ጀጋኑኻ ክትዝክር ነዛ ባንዴራ'ውን ዘክራ

ንባንዴራ ክትብል'ያ ኤርትራ ጀጋኑ ቀቢራ።

እስከ ንሕሰብ ኣርሒቕና

መን ኮንዮም ዝሓለፉ በጃና

ንናጽነት ነዛ ባንዴራና

ኣሕዋትና'ዶ ኣይኮኑን ኣሓትና

ካልእስ ይትረፍ ስለምንታይ ንኽልእ ምስጋና

እገሊት፡ እገሌ ኢልናኮ ክንወቅስ ዓመታት ኣቑጺርና

መዓስ ድኣ ኢና ንሓትት ነብስና

መሰል ንግበር ክንሓትት መሰልና

ብዘይ ንፈልጦ ኣይንውቀስ ኢሎም ኢልና

ጽባሕ ተግባርና ባዕሉ ከይወቐስና

ፍቕሪ፡ ሓልዮት፡ ጥርናፈ ድኣ ነውርሶም ደቅና።

ኣኽላባት ዝበኣሱ ጸላኢ ኣባሪሮም ምስ ተመልሱ

እንዳ ረኣና ጸላእትና ድቃስ ስኢኖም ሓድነትና ከፍርሱ

ኣቱም ኣብ ህልኽ ዘለኹም ንዑባ ሕደጉ ተመለሱ

እንስሳ እኳ ተባኢሶም ተመሊሶም ዝለሓሓሱ

ክሳዕ መዓስ ድኣ ኢኹም ቂምታኹም ክትነኽሱ

ንባህ ኣይበሎ ጥራሕ ኮይኑ ስራሕኩም ምስ ህዝብኹም ዘይትግስግሱ

ሕደጉ መሰል ንጹህ ህዝቢ ኣይትግሃሱ

ገሌኹምሲ ኣብኣ ከምዘይነበርኩም ምስ ሃደምኩም ሃገርኩም ትኸሱ

ካን ዲኹም መሲሉኩም እቲ ህዝቢ ዘይፈልጥ ጨሪሱ

ይፈልጥ እዩ፡ መንዩ ጸላኢኡ፡ መንዩኸ ንሱ

ተመለሱ ድኣ ናይ ጥልመት ዉዳሴ ኣይትወድሱ።

እስኪ ኣብ ክንዲ ህልኽ ንእሽቶ ቁምነገር ነታ ሃገር ግበሩ

ተነጺልካ ዘኸውን የለን ምስ ህዝብኹም ሕበሩ

ኣብ ጎድኒ ጸላኢ እኮ ኢኹም ዘለኹም ምስቶም መቓብር ስውኣት ዝፈሓሩ

ሰብ እንዳ ሰምዔ ኣብ ሓዊ ዘሕረሩ

ቁሩብ እሞ ሕሰቡ ቁሩብ ኣስቆርቁሩ

ክሳብ መዓስ ኢኹም ብቕርሺ ወዲ ቕርሺ ክትጥበሩ

ሃየ ድኣ መጀመሪያ ንርእስኹም ስመሩ

ብድሕሪኡ ንሕና ንሓይሽ ኢልኩም ክትወዳደሩ

ተመለሱ ድኣ ዕላማኹም ስሒቱ ኣሎ መስመሩ

እቶም ዝሕግዙኹም እኳ ተስፋ ቆሪጾም ዝገበሩ እንተገበሩ

ሕጂስ ጀሚሮም ኣለዉ ከማርሩ

ኩሉ ናትኩምን ዘይናትኩምን'ዩ ብኣኹም ሓፊሩ

ህዝብኹምን ሃገርኩምን ይሕሸኩም ለበዋ ስውኣት ኣይተሕስሩ

ህዝቢ ኤርትራስ ነቕ ኣይብልን ኢዩ ካብቲ ሓቐኛ መስመሩ።

**ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና**

**ሰላምን ቕሳነትን ንህዝብና**

**ውድቀትን ሕስረትን ንጸላእትና**

**ዓውት ንሓፋሽ !!!**

ገብረሂወት ኢሳቕ (ጋቢ) 24 ግንቦት 2014